# አቶ ርእሶምን፣ አቶ ኣፎምን

አብ ሓደ ዓዲ አቶ ርእሶምን፣ አቶ ኣፎምን ዚብሃሉ ክልተ ሰባት ነበሩ። አቶ ርእሶም ፍሉጥን፣ ህርኩትን ነጋዳይ፣ ካብ ርሑቕ ዓድታትን ቦታታትን አቑሑት እናምጽኤን፣ እናሰደደን ዚነግድ፤ ሃብታም ብምዃኑ ድማ ምስ ብዙሕ ሰብ ዚራኸብ፣ ናይ ብዙሕ ሰብ ገንዘብ ሓደራ ተቐቢሉ ብእምነት ዚሕሉ፣ ብትኣማንነቱ እውን እተፈልጠ፣ ቅኑዕ ሰብ ነበረ።

አቶ ኣፎም ግን ሓያል ደላላይ፣ ኣፈኛ፣ ንሓደ ሰብ ምስ ካሊእ ሰብ እናራኸበ፣ ናይ ደላላነት ሥራሕ ዜካይድ ነበረ። ይኹን ደአምበር፣ አቶ ኣፎም ተማጓትን፣ ተኻራኻርን ብምዃኑ፤ መታለልን፣ መጣፋፍእን እዩ እናትብሃለ ስለ ዚሕመ ብዙሓት ፈተውቲ አይነበርዎን። ግድነት ኮይንዎ፣ ሥራሕ፣ ጉዳይ ሃሊእዎ እንተዘይኮይኑስ፣ ዚቐርቦ ፈታዊ ሰብ ኣይነበሮን።

ከምዙይ ኪነብሩ ኸለው፣ አብታ ሃገር ሰላም ብምጥፍኡ ኩሉ ንግዲ ዝሐለ። አቶ ርእሶም ድማ ዕዳግኡ ደኺሙ፣ ብዙሕ ኺሳራ ስለ ዝበጽሖ፣ ኺደክይን ኪስእንን ጀመረ። ካብ ሽግር እተላዕለ ድማ ካብ ብዙሓት ሰባት ገንዘብ ተለቒሑ። እቲ ኣብታ ሃገር ዝኣተወ ህውከት ግን ካብ ቅልውላው ሓሊፉ ናብ ዓብዪ ውግእን ዕግርግርን ብምቕጻሉ፣ ኣቶ ርእሶም ንዝተለቀሖ ገንዘብ ምኽፋል ኣይኮነሉን። ነገር ዓለም ኮይኑ ድማ ንዝተለቕሖ ገንዘብ ብዘይምምላሱ፣ ተኸሲሱ ቤት ፍርዲ ቐረበ።

ንአቶ ርእሶም ዝኸሰሱ ኣዕደይቱ ድማ ብዝተፋላለየ መማላኽትን፣ ብመሰኻኽርን፣ ጭቡጥ መረድኢታት እውን ብምቕራብ ረትዕዎ። ኣቶ ርእሶም ግን ገንዘብ ከም

እተለቅሐ ኣይከሓደን። ካብ ዳኛ ድማ ዕዳኡ ንኺኽፍል ሠለስተ ወርሒ ጊዜ ተውሃቦ። ዳኛውን ዕዳኡ ከም ዚኽፍል፣ እንተዘይከፈለ ግን ቤት ማእሰርቲ ከምዚኣቱ ኣጥንቂቑ፣ ብዋሕስ ሰደዶ።

ኣቶ ርእሶም ኣብታ ሠለስተ ወርሒ ካብ ብዙሓት ሰባት ልቓሕ ለመነ፣ ግናኸ ዳርጋ ኹላቶም ድሮ ዘለቅሕዎ፣ ቀደም ፈተውቱ ዝነበሩ ሰባት ስለዝኾኑ፣ ሓደኳ ንኣቶ ርእሶም ደጊሙ ዝአምኖን፣ ዘልቕሖን ሰብ ኣይተረኽበን። ኣቶ ርእሶም ብዙሕ ጨነቖን፣ ዓቕሉ ጸበቦን፣ ግን ሓንቲ እኳ መእተዊት ኣይረኸበን፣ ብዘይ ቤት ማእሰርቲ። መወዳእትኡውን መለኸኛ ቤት ፍርዲ መጺኡ፣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ወሲዱ ዳጎኖ።

ኣቶ ርእሶም ዓመት ዚኸውን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣሕለፈ፣ እቲ ዕግርግርን፣ ውግእን ኣብታ ሃገር እናገደደን፣ ኣናጋፍሐን መጺኡ ክሳዕ ኸተማ ኣተወ። ዳኛን ወትሓደርን፣ ዘብዐኛን፣ ኩላቶም ካብ ከተማ ሃሃዲሞም ነናብ ሃገረ-ሰቦም ተበታተኑ። እታ ኸተማ ድማ ጸረውረው በለት።

ኣቶ ኣፎም ድማ እንታይ ከምዘሕሰቦ እንድዒ፣ ብለይቲ ናብቲ ዘብዐኛ ዘይብሉ ቤት ማእሰርቲ ዘሊሉን፣ ማዕጾ ሰቢሩን ኣተወ እሞ፣ ናብቲ ኣቶ ርእሶም ደቂሱሉ ዝነበረ ኽፍሊ መጺኡ፤ “ተንስእ! ንዓናይ፣ ከውጽኣካ እየ መጺኤ...” ኢሉ ካብታ ቤት ማእሰርቲ ፈቲሑ ኣውጽኦ።

ኣቶ ርእሶም ድማ ብዙሕ ብምሕጓስ ኣብ እግሪ አቶ አፎም ወዲቑ፤ “ብዙሕ የቕንየለይ ኣቶ ኣፎም፣ ደው የብልካ ’ዙ ሐወይ፣ እግዚኣብሔር ይሃብካ፣ ክፉእ ኣይርከብካ! ኣብ ካሕሳኻ ደማ የውዕለኒ...” እናበለን፣

እናመስግነን፣ ተኹቲሉዎ ወጻ። ሐደ፣ ክልተ ዚኾን ማዕጾታት ሓሊፎም ድማ ናብቲ ሓጹር ቤት ማእሰርቲ በጽሑ እሞ፣ ዘሊሎም ኣምለጡ።

ኣቶ ኣፎም ንኣቶ ርእሶም እናመርሐ፣ ገና ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ብዙሕ ከይርሓቑ፤ "ስማዕ እስኪ ኣቶ ርእሶም፣ ኣነ እንተ ዘየውጽኣካ ኔርስ መን ኮን ከውጻኣካ ኔሩ እዩ?" ኢሉ ጠየቖ።

ኣቶ ርእሶም ድማ፡ "እወ፣ ሳላኻ፣ ሳላ ሓወይ እየ ወጺኤ፣ ብዙሕ ድማ አመስጊነካ እየ፣ ደጊመውን ኣምስግነካ ኣለኹ፣ የቐንየለይ!" በሎ።

ቁሩብ ሕልፍ ብዝበሉ ድማ ደጊሙ፤ "ርእሶም፣ ስማዕ! ሳላይ ወጺእኻ እምበር፣ ኣብዛ ቤት ማእሰርቲ ብጥምየት 'ኮ ኽትሞት ኔርካ ኢኻ!" በሎ።

ኣቶ ርእሶም ድማ፡ "ሓቕኻ፣ ኣቶ ኣፎም ሐወይ፣ ሳላኻ እየ ወጺኤ እምበር፣ መን ደአ? የቐኒኻ፣ ደው በል፣ ኣብ ካሕሳኻ የውዕለኒ፣ ኣነውን ሐደ ምዓልቲ ኣብ ሽግርካን፣ ኣብ ጭንቅኻን ዝሕግዝ ይግበረኒ።" በሎ።

ኣቶ ኣፎም ድማ ንሣልሳይ ጊዜ፤ "ኣንታ፣ ካብዛ ቤት ማእሰርቲ ሳላይ ወጺእኻ እምበር፣ ኣብኣ ብጥምየት ከም ዕንጨይቲ ነቒጽካ፣ ኣዕጽምትኻ እኮ ኪሕስኻን ኪምሽምሻ ነይረን እየን! ትፈልጥዶ 'ሎኻ?" በሎ።

ኣቶ ርእሶም እዚኣ ብዝሰምዐ፣ ርእሱ ሒዙ "ኡይ!" ኢሉ እናእወየ፤

"ኣቶ ኣፎም፣ ሕደግ እባ ይኣኽለኒ
ካብ ብሕዚኡ እዙ ኹሉ እትብለኒ

ጽንሕ ኢልካስ 'ታይ ኮን ክትደግመኒ
ሕያውነትካ ብኻ ተሪፉኒ
ለሚነካ ድየ ዘፍታሕኻኒ
ኣብታ ቐደም ዝነበርኩዋ ደኣ ትሕሸኒ
ናብታ ቤት ማእሰርተይ ቶሎ ምለሰኒ!"

በሎ ይብሃል።

ገ/ኢ. ጕርፉ።